# ደቅኹም ክታበት አክትብዎም!

## ክታበት ዲፍተርያ፡ ቴታነስ፡ ፐርቱሲስን ፖልዮን (ክታበት dTap-IPV)



### እዚ ክታበት ካብ ምንታይ ይከላኸል፧

እዚ ክታበት ካብ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝከላኸል እዩ።

- **ዲፍተርያ፡**- ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ኣፍንጫን ጎሮሮን ዘከትል ኮይኑ ጸገም ምስትንፋስ ወይ ምውሓጥ፡ ጸገም ናይ ልብን ልምሰት አካላትን (ምሉእ ወይ ንገለ ክፋል ኣካላት) ከስዕብ ይኽእል።
- **ቴታነስ፡**- እዚ ባክተርያ ንስርዓተ ነርቭ የጥቅዕ። ክትቃጻጸሮ ዘይትክእል ምጭብባጥ ጭዋዳታት ናይ ምንጋጋን ካልእ ክፍሊ ኣካላትን ብምስዓብ ጸገማት ምስትንፋስ፡ ምውሓጥን፡ ምንፍርፋርን ከመኡ ዉን ክሳብ ሞት ከስዕብ ይኽእል።
- **ትክትክታ :**- እዚ ባክተርያ ን ቱቦታት ኣየርን ሳንቡእን የጥቅዕ። ካብ ሓያሎ ሰሙናት ክሳብ ኣዋርሕ ክጸንሕ ዝኽእል ሰዓልን፡ ጸገም ምስትንፋስን ምውሓጥን፡ ከምኡ'ውን ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ይኽእል።
- **ፖልዮ፡**- እዚ ቫይረስ ረኽሲ ስርዓተ ነርቭ የስዕብ። መልመስቲ ኣካላትን ክሳብ ሞትን ከስዕብ ይኽእል።



### እዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ፧

- ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ መደብ ክታበት ህጻናት ዕድሚኦም 4 ዓመት ምስዝኮኑን ናይ መጀመርታ 4 ክታበት ማለት ዲፍተርያ፡ ቴታነስ፡ ፐርቱሲስን ፖልዮን ዝወሰዱ ምስዝኮኑን ነዚ ክታበት ከም ተወሳኺ (booster) ዶዝ ክወስድዎ ይግባእ። እተን ቀዳሞት 4 ዶዛት ቀዳሞት መስርዕ ይበሃላ።
- 7 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ህጻናት ፈጺሞም ነዚ ክታበት ዘይወሰዱ ምስዝኮኑ፡ ተወሳኺ መጠን ናይቲ dTap-IPV ክታበት ክወስድዎ ይግባእ። ብዝሒ ዘድልየካ መጠን መድሃኒት ኣብ ዕድመኻ ይምርኮስ። ክንደይ ዶዝ ከምዘድልየካ ንወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ሕተቶ።

### እዚ ክታበት ክወስዶ ዘይብሉ መን እዩ፧

- ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰድካ ከቢድ ወይ ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርልካ ዝፈልጥ እንተኮይኑ ነዚ ክታበት ክትወስዶ ኣይግባእን።



**እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፧** እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአሉ ቦታ ምቝያሕ/ሕበጥ/ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ሰዓል፣ ሸውሃት ምጉዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ኣካል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ንረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቊጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

---

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ እትኽእሉ:**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን ሓገዝ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ብምጥዋቕ booking.aimga.ca ቆጸራ ሓዙ

AIMGA Alberta International Medical Graduate Association

19 TO ZERO UNITED AGAINST COVID-19

Financial contribution:
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada

ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT FOUNDATION CREATING BRIGHTER FUTURE